
ኣምላኽ፡በቲ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘልዓለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ::  ወ.ዮሓንስ 3፡16



For God so loved the world, that he gave his only begotten Son, that whosoever believeth in him should not perish, but have everlasting life. Jhn 3:16

# ዓመታዊ ክብረ በዓል

## ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ኣትላንታ ብድሙቀት መንፈሳዊ ክብሪ ተኽብሩ።

ተቀማጠ ከተማ ኣትላንታ ብመጋቢት 26-27 ብግእዝ ወይ ብፈረንጂ April 4-5 ኣብ ምብዓል ዓመታዊ ክብረ በዓል መድኃኔ ዓለም ብምርካብ ብዕዙዝን ብድሙቁን ኣገባብን ኣብዒሎም። እቲ መደብ (ፕሮግራም) ከምዚ ኣብ ጎኒ ዘሎ ይመስል።

ኣብቲ በዓል ኣቦታት ኣብ ዝሃብዎ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ልቢ ኩሉ ምእመን መሲጡ። ጹኑዓት፤ኣዘውተርቲ ጾምን ጸሎትን ክንከውን ኣሎና ነዚ ፈታኒ ጊዜ ክንሓልፎ ብዝብል ኣትሪሮም ምዒዶምን ኣስተምሂሮምን። እዚ ኣብ ቤተክርስቲያን ወሪዱ ዘሎ ፈታኒ ኩነታት ብጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንታሪኽ ክኸውን እዩ ኢሎም። ንሕና ግን ንጽናዕ ንጸሊን፡ ነንሕድሕና ድማ ንጸናናዕን ንደጋገፍን ኢሎም። ዓወትና ብመስቀል መድኃኒና ጐይታናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ ብምባል፡ ቃንዛን ስቅያትን ምእንታና ዝኸፈሎ ብምዝኽኻር ምሂሮም። ምእመናን ነቲ ዝተዋህበ ትምህርቲ ብምስትንታንን ብሓጐስን ይቕበልዎ ከምዝነበሩ ኣብ ገጾም ይንበብ ኔሩ።

ጸላእቲ ቤተ ክርስትያን ካብቲ ሓቂ ሃዲሞም ነቲ ዘሎ ኩነታት ዘይመልክዑ ከትሕዝዎ ይፍትኑ ከምዘለዉ በቲ ዝካየድ ዘሎ መዓልታዊ ፈተነ መእመናን ፈሊጦሞን ተጋሂድሎምን ይምክትዎ ከምዘለው ብተግባር ኣመስኪሮም። እዚ ማለት ከይረዓዱ ብዝተፈላለየ መንገዲ ነቲ ሓሶትን ጸለመን ዝካየድ ኣብ ልዕሊ ቤተ ክርስትያን መድኃኔ ዓለም ነቶም ኣብዚ ተዋፊሮ ዘለዉ ሰባት ኣምላኽ ምሕረቱ ከውርደሎምን ኣብ ቅኑዕ መንገዲ ክምለሱ ብጸሎትን ምህለላን ዘኪሮም። ኣምላኽ መሓሪ እዩ ንሕና ውን መሓርቲ ንኹን ብዝብል ድማ ተጸናኒያም።

ምእመናን መድኃኔ ዓለም ነቲ ዝነበረ በዓል ብዝተፈላለዩ ጉጅለ መዘምራን ዝተፈላየ መዛሙር ኣድሚቖሞ። ብዝሓም ዳርጋ ሰማንያ(80) ዝኾኑን ንኣሽቱ መዘሙራን ብቅዱስ ጳውሎስ ዝፍለጡን፡ ዓበይቲ መዘምራን መንእሰያት ትምህርቲ ሰንበትን ብሕብረት ምስ ሊቃውንቲ ኣቦታትን ኮይኖም ምስ ኩሉ ምእመን ብፍስሃን ሓጎስን ታቦት መድኃኔ ዓለም ኣሰንዮም ዑደት ገይሮም።

ኣደናቒ ፍጻሜ ድማ፡ ምሉእ ለይትን መዓልትን፡ ዝናብ ኪሃርም ዘርፈደ፡ ዑደት ተጀሚሩ ክሳብ ዝፍጸም፡ ኣቋሪጹ፡ ዑደት ብጽቡቕ ኣገባቢ ተፈጺሙ።፡ ንኹሉ ተሳታፊ ምእመን ዘሕጎሰን ዘደነቖን ተወሳኺ ፍስሓ ናይቲ መዓልቲ ብምዃኑ ዘገርም ተኣምርን ፍጻሜን ነይሩ።

ድሕሪ ጸሎትን ዑደትን ምህለላን ኩሉ ናብቲ ተዳሊዩ ዝነበረ ዳስ ናይ ምሳሕን እንግዶትን ተሳቲፉ እኹል ምግብን መስተን ከኣ ኔሩ። ንኣዴታት ዓሰረተክልተ ማሕበራት መ.ዓለምን ካልኦት ግዱሳት ኣባላትን ኢጋይሽን ዘማዕረጋን ዘማዕረጉን ምስጋና ይኹን ። ኣዴታት ኣትላንታ ድሕሪ ምሳሕ በቲ ልሙድ ባህላዊ መዛሙር እናገበራ ምስጋናን ልመናን ንኣምላኽን ኣማላድነት ኣዴና ቅ.ማርያምን ጻድቃንን ኣስሚዐን። ነቶም ነዚ በዓል ዘማዕረጉ ካብ ንኣሽቶም ክሳብ ዓቢኦም እናኣመስገና መድኃኔ ዓለም ዋጋ ጻማኹም ይሃብኩም ንብል። 'ንዓመታ ከምዚ እዋን የጽንሓና ጐይታ ከምዚ ንዓመታ።'

*ኣምላኽ ሰማይ ንብፁዕ ወቅዱስ ሣልሳይ ፖትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጸጋ ጥዕናን ሰላምን ይሓልዎም። ንብደሙ ዘጥረያ ቤተ ክርስትያና ይሓልዋ! ንሃገርና ድማ ሰላም ይሃብ።*

## መርሓ- ግብር (ፕሮግራም)

**ዋዜማ፡** ዓርቢ 26 መጋቢት 2000 (April 4, 2008) ካብ ድሕሪ ፍርቂ መዓልቲ ክሳብ 6፡00 ድ.ቀ.

**ማኅሌት፡** ካብ 4፡00 ወጋሕታ ጀሚሩ ክሳብ 8፡00 ቅ.ቀ.

**ቅዳሴ** ካብ ሰዓት 8፡00 ክሳብ 10፡20 ቅ.ቀ. **ዑደትን ትምህርትን መዝሙርን፡** ካብ 10፡30 ክሳብ 12፡00

**ናይ ምሳሕን እንግዶትን ፣ መደብ ኣዴታት፣ መደብ ስፖርትን ንመንእሰያትን።**

ካብ ሰዓት 12፡00 ድ.ቀ. ክሳብ 4፡00 ድ.ቀ.

## መዝሙር

1. መድኃኔ ዓለም በጽጌ ሮማን በጽጌ
   ሮማን ኣሠርገዋ ለምድር በጽጌያት

2. ኢየሱስ እዩ ጽኑዕ ዋልታና
   ሃሌ ሉያ። መስቀሉ እዩ ዓላማና እወ
   ንጸላኢ ንረትዓሉ።

3. ኣምላክ ኣምላክ
   ዲበ ዕፀ መስቀል ተሰቅለ

4. ኦሪት በውስቴታ ታቦት በውስቴታ።
   ውቱረ ይከድንዋ በወርቅ። ውቱረ
   ይከድንዋ በወርቅ ይከድንዋ።

# ስእላዊ መግለጺ በዓል!











